## **ሕድርን ምሕጽንታን ኣቦታትና ንኸተል**

ሕሰብ ኣስተውዕል ተማራመር ተባራባር

ሰላምም ኲቡራት ተኻታተልቲ ወይብ-ሳይታት፡ሎሚ ሒዘዮ ዝቐርብ ኣርእስቲ፡ ሕድርን ምሕጽንታን ኣቦታትና ንኸተል፣ዝብል ኮይኑ እቲ ጽንዓትን ኒሕን፡ ኣንጻር ኲሎም መግዛእታት ዝተቓለሱ ወለድና፣ ጹኑዕ ባህሊ ኣውሪሶሙና እዮም።

ኣብ ኤርትራዊ ኒሕ ተሞርኲስና፣ ንዲሞክራሲያዊ ባህሊ ከነጣጥሕ፣ፍትሒ ክህሉ ክጽዓርን፣ ግዝኣተ-ሕጊ ክነግስ ክንቃለስን፣ካብ ኩሉ ልእላውነት ሃገር ከይጥሓስ ብትሪ ምሕላው፣ሓድነት ህዝቢ ከይብተኽ ምክልኻልን፣መሰረታዊ ስራሕናን ዕላማናን ኮይኑ፣ ካብ ኣቦታትና ዝተማሓላለፈልና ምዃኑ ንምርግጋጽ፣ኣቦና ደግያት ባህታ ሓጎስ ዝበልዎ ክጠቅስ እየ።[ካብ መጽሓፍ ተስፋዬ ገብረኣብ **ማህደር ኑረቢ**፡ትርጉም-ዳኤል ሃብተምርያም] ዝወስድክዎ እዩ።

**” ኣቦታትና ንመረብ ምላሽ ምድረ ባሕሪ ኢሎም ይጽውዕዋ ነይሮም። ኤርትራ ስም ባሕርና እዩ። ምድረ ባሕሪ ማለት፡ ’ናይ ባሕሪ መሬት’ ማለት ብምዃኑ ፍልልይ የብሉን። ባሕሪ ኤርትራ ምስ ቆላን ከበሳን ዝተተሓዘ እዩ። እቲ ባሕሪ ንሰብ መረብ ምላሽ ባቦም እዩ። ‘ኤርትራ’ ዝብል ቃል ካብ’ቲ ባዕልና እንጽዋዓሉ ዝርሓቐ ኣይኮነን።ኣስላም፣ክርስትያን፣ከበሳ፣ መታሕት ዕጫናን ሸሻይናን፣ባብናን ኣፈፌትናን እቲ ባሕሪ እዩ።ደቂ ባሕሪ ኢና፡፤ሽም ባሕሪ ስምና እዩ።**

**” ካልእ ጉዳይ ድማ ብዛዕባ መሸጣ ገላዩ እዩ። ነቲ ኣዋጅ ክንርድኦ ኣለና።ወዲ-ሰብ ብኣምሳል እግዚኣብሄር ዝተፈጥረ ማዕረ እዩ። ሰብ ኣይሸየጥን እዩ። ኣብ ግዜ መንግስቲ ቱርኪ እንታይ ኢና ርኢና ? ሃጻይ ዮውሃንስ ንኣሉላ ምስ ሰደደልና’ውን ሰላም ኣይነበረናን። ኣብ ሓባብ፣ ሰምሃር፣ ሰኒሒት፣ ዓሳውርታ፣ ኣብ ሓልሓል፣ከበሳ ኣብኩሉ ኲናት ጥራይ እዩ ነይሩ።ብምእካብ ግብሪ፣ብምምጻእ ግብጻውያን ኣብ ኲናት ኢና ነይርና። ሕጂ ጥልያን ከም ናይ ኤውሮጳ መንግስቲ ኣብ ሃገርና ብምምስራት ሰላምን ኣፍልጦን ክህበና፣ክሃንጽን ክልምዕን ቃል ኣትዩ ኣሎ። ጥልያን ሕጊ ሃይማኖት ኣቦታትና የኽብር እዩ። ካብ ኣቦሓጎታትና ዝወረስናዮ መሬት እናሓረስና ንፍልጠት ክንተግህ ኣሎና። ሓድነት ከድልየና እዩ። ሕብረት ከድልየና እዩ። ‘ ዝነቕዐት እንቋቑሖ መጻወቲ ሃመማ ትኸውን’ ክም ዝባሃል ንሕናውን....”**

ቀጺሎም ኣቦና ደግያት ባህታ ሓጎስ፣ብደምቢ ሽሪሒት መግዛቲ ጥልያን ብምፍላጥ፣ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ብምቅላስ፣ ኣብ ውግእ ዓድዋ ዘራኣይዎ ሓርበኘታዊ ተሳትፎ እታ ዝጠቐስክዋ መጽሓፍ ስለ ኣጸቢቓ ትገልጾ ናብኣ ክትውከሱ ይዕድም።

እቲ ዘገርም ናይ ኣቦታትና ምሕጽንታ፡**ሓድነት ከድልየና እዩ፣ ሕብረት ከድልየና እዩ።’ኣብ ሞንጎና ነቓዕ ከይርከብ’ሞ ጸላኢ ኣብኡ እናሰሎኸ ክይጸወተልና**፣ዝብላ ሓረጋት፣ ኣብ-ርእሲ እቲ ንባዕዳዊ መግዛእታት ብኑጹር ኣላሊኻ ናትካ ውጥን ምውጻእ ኣንጻሩ ምቅላስ፣ ዝብል ትምህርቲ፡እቲ ዝዓበየን ዝሓየለን ክኸዉን ዘለዎ፣ ሓድነት ህዝብን፣ሓቢርካ ምስራሕን ስጋብ ክንደይ ኣገዳስነቱ ሕጂ ከም ትማሊ ብሩህ ምዃኑ እዩ ዘብርህ ።

ደምበ ፍትሒ ከም ቀዳማይ መዝምሩ ሓድነትን ሓቢርካ ምስራሕን እኳ እንተኾነ፣ክትርጉሞ ዘይምኻኣሉ ግን መልሲ ዘይርከቦ፣ክም ጥራዩ ገረወና ናይ ዋዕታ ገልጠምጠም ኮይንይ እዩ ተሪፉ ዘሎ፡፡

እቲ ብተዳጋጋሚ ዝስማዕ ምኽንያታት ብሰንኪ ጉዕዞ ቃልስናን ፣ ገዛእቲ ዝጥቀሙሉ ፈላሊኻ ግዛእ፣ ከይደለናዮ ኣብ ሰራውር ኣሳራርሓና ኣትዩ፡ ውህደት ምሳኣንን፣ ንዝፍጠር ግርጭት ፈትሒካ ዘይምኽኣል ዘስዓቦ ጉድኣት፣ እናተባህለ ዝዋሃብ ምኽኑይን ዝይ-ምኽኑይን ምስምሳት ክባሃል ይኻኣል።

ብደምቢ ኣዕሚቕካ እንተ ሓሲብካሉ ግን፡ እቲ ጸገም ኣብ ነብስና ማለት ንሰውነትና ቅድሚ ድልየት ህዝብና፣ስለ ንሰርዓ፡ ክብል ይደፍር፤እቲ ክንበጽሖን እንደልዮን/እንብሎን ዕላማ፡ምስ ውልቃዊ ኣንቅዶ/ምምጥጣር/ኒሕን፣ ስለ ዝጋጮ፤ ከምቲ ሲግሞን ፍሮይድ ዝበሎ ተፈጥሮ ውዲ-ሰብ ከም ባህርያኡ dualism ክልተኣውነት/ድርብውነት ኣነን፣ንሕናን፣ ዝዋቓዓሉ/ዝጓነጻሉ፡እታ ኣነ ትብል ምስ ትስዕርርን ካብ ጠቕሚ ናይ ብዙሓት ናይ ግልነት፣ወይ ናይ ውሑዳት ጠቕሚ ብቀዳምነት ስለ ዝዋሃብ፣ ነቲ ናይ ሓድነትን ሓቢርካ ምስራሕን ይውንዘፍ፣ ጠንቂ ኣንነትካን ጉጅለኻን ዘስዓቦ። እዚ እዩ ኣብ ደምበ ፍትሒ ዝርአ ክብለካ ዝኽእል ኢጋባብ ህላውነኡ እናተዓዘብካ ተስደንን ትሓዝንን።

ኣብ ደምበ ፍትሒ ተውዲበን ዝንቃሳቐሳ ሰልፍታት፣ሲቪካው-ማሕበራት፣ህዝባውያን ማሕበራት፣ዋላ ውልቃውያን ሰባት እዉን እንተኾነ፣ እቲ ዕላማ፣ **ልእላውነት ሃግህር፣ ሓድነት ህዝቢ፣ፍትሒ፣ብቑዋም እትምሓደር ሃገር ንኽትህሉ፣** ካብ ኮነ መሰረታዊ ራኢእን፤ ስለምንታይ ደኣ እተን ሕብረ-በሔራዊ ኣጋባብ ኣዋዳድባ ዘለወን ናይ ሓባር ምትእስሳር/ጉሪኒት ዘይገብራ? ካልእ ይትረፍ ምትሕብባር ስርሓት ዘየርእያ ? እተን ሲቪካዊ-ማሕበራት መሰል ደቂ ሰባት

ንኽራጋገጽ ዝመሰረተን ካብ ኮነ፣ ብዝያዳ ምትእስሳር/ምትኽኻእ ከካይዳ-ዶ ኣይነበረንን ? እተን ብስም ህዝባውያን ምንቅስቓሳት ዝዋሰኣ፤ባሕሪ ወይ ባይታ ናይተን ናይ ፖለቲካ ውድባትን ስቪካዊ ምንቅስቓስን ከኾና ከለዋ፣ ናይ ምቁጽጻር ስርሓትን ናይ ምቅርራብ ባይታ፣ምፍጣርን ብደሞክራሲያዊ ኣጋባብ ዝዓብያሉ ፖለቲካው ንቕሓትን ብስለት፣ ዝረኽባሉ ሃዋህው ምፍጣር-ዶ ኣይኮነን ስረሐን፡ ከኸዉን ዝግባእ? በዚ መሰረት ህዝባዊን፣ኩሉ ዝሳተፈሉ ጽላል ክህሉ-ዶ ኣይኮነን ክጸዓር ዝግብኦ? እቶም ውልቃውያን በይኖም ኮይኖም ምቅላስ ክዕወቱ ከምዘይክሉ ተረዲኦም፣ኣብዘን ዝተሰምያ ውድባት ቦታ ክረኽቡ ዘይክእሉ እንታይን ከመይን ስለ ዝሓስቡ ኮን ይኾኑ ? ኩሉ እዚ ዝግበር ተዋስኦ ንሕልናኻ ንምዕጋብ እቲ ኣነ ዝብል ኒሕ ኣብ ቅድሚት ብምስራዕ፣ ናይ ሓባር ምስራሕን ሓድነትን ክህሉ፣ ምርሓቕ ኮይኑ-ዶ ኣይስማዓኩምን? ንምኽኑ እንታይ ደኣ ኣብ ምጭጫሕ ውድባት ንዋሳእ ? ኻብኡ ሓሊፍካ ኽምቲ ኣቦና ደግያት ባህታ ሓጎስ፣ ዝበልዎ ነቐዓት ፈጢርካ ኣብ ነንሕድሕድካ ክትዋቀስ፣እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ከም ዓንቃፊ ጌርካ ከተርእዮ ምፍታን ዘሰዓቦ ኩነት እዩ ክባሃል ይካኣል።

ዝመጹኻ ወኸሰታት፣ ስለምንታይ ኣብ ጉዕዞ ቃልስና እቲ ሓቢርካ ምስራሕ ክዓኩኽ ዘይካኣለ? መዝሙርካ ሓቢርካ ምስራሕን ሓድነትን ካብ ኮነ፡ ናይ ምትግባሩ ባይታ፣ **ኣብ ፖለቲካ፣ እንካን ሃባን-ዶ** ኣይኮነን እቲ መስርሕ?? ቅርሕንትን ቂሚን ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ቦታ ክህልዎም-ዶ ይግባእ እዩ?? ነፍሲ ወከፍ ውድብ፣ምንቅስቓስ፣ውልቀሰብ፣ ናይ በሓቂ ነብሰ መርመራ/ወኸሳ ይገብርዶ ይኸዉን? ገምጋም ጉዕዞ-ቃልሲ የካይዶ ይኸዉን? እዚ ዘይኑቡር ኩነት ደምበ ፍትሒ ንሱ ዝፈጠሮ ምኽኑ ተገንዚቦሞ-ዶ ይኸኑ?? እንተደኣ ገምጊምዎ ንጉዑዝኦም ክእረሙን ምስ ከምኦም ዘኣመሰሉ ቀሪቦም፣ ምእንቲ ድሕነት ሃገርን ህዝብን፡ኩሉ-ነገር ክገብር፣ዝዓበየ መስዋእቲ ክኸፍል ቁሩቡነቶም ኣርእዮም-ዶ ይፈልጡ? ኣይመስለንን ኒሕን ኣንነትን ሲዒሩ፣ኣነ እየ እቲ ቁኑዕ ኢሉ/ሎም ንሰዉነቱ/ቶም ስለ ዘእመንዋ። እቲ ክኸዉን ዘለዎ ምቅርራብን ሓቢርካ ምስራሕን ክትርንም ኣይተኻእለን።

እዚ ዓይነት ኣቃላልሳ ውድባትና ምንቅስቃሳትና ካብቲ ናይ ህዝቢ ድልየት፣ትምኒት፣ ሕልሚ፣ ግዝኣተ-ሕጊ፣ ዘርሓቐም ገይሩ ከርእዮም ከም ዝኽኣለ ምኽኑ ይሓስብዎ-ዶ ይኾኑ?? እዚን ኻልእን ኣዋጣሪ ሕቶታት ይገብሩዶ ይኾኑ??

ልእላውነት ሕጊ፣ ፍትሕን ዲሞክራስን ንምብጻሕ፣ ብቐዳምነት ሓድነትን ሓቢርካ ምስራሕን ሰሪዕካ፣ ነቶም ዘራሓሕቑኻ ነገራት ኣጽቢብካ ኣብ ስራሕ ምእታው መንጸፍ ናይ ምቅርራብ ምኽኑ ዝጠፍኦም ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፣ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፣ ሰውነትካ ቅድሚ ኩሉ ምስራዕ፣ ውድበይ፣ምንቅስቓሰይ ይበልጽ፤ኣነን ውድበይን ኣብ ቅድሚት ክሰራዕን፣ዓብላሊ ሓይሊ ንምኻን ምጽዓርን፣ሓሳበይ ካብቲ ናይ ካልኦት ይበልጽ...ውዘተ ዝዓይነቱ ኣዛራብ፣ ዘይ-ዲሞክራስያውን፣ዘይ-ፈታሓውን፣ግርጭት ዘይፈትሕ፣ምውሃሃድን ዘየስርጽ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፣ መንጸፍ ናይ ሓባር ጽላል ክኸዉንውን ኣይክእልን።

ሰልፊ ይኹን ሲቪካዊ ማሕበራት፣ህዝባውያን ምንቅስቓሳት፣ መስርሕ ናይ ሓባር ዕላማ፣ከኾኑ እዮም ዝግብኦም። ንሰልፍን ውድብን ዘይኮነ እቲ ቓልሲ በዚኦም መሳልል/መስርሕ ገርካ፣ ነቲ ህዝባዊ ስልጣን ክራጋገጽ፣ ናጽነት ወዲ-ሰብ ዝኽብረሉ፣ መሰል ዜጋታት ዝሕለወሉ ፣ ንፍትሒተራጋግጸሉ፣ ግዝኣተ-ሕጊ ብግብሪ ዝትርጎሞሉ እዩ ክኸዉን ዘለዎ።

ኩሉ እቲ መስርሕ ኣብ ትሕቲ ቁዋም ዝትከለሉ እዋን በቢዓይነቱ ህዝባውያን ማሕበራት፡ከም ሰልፍታት፣ሲቪካዊ ማሕበራት፣ በቢ ዓይነቱ ህዝባውያን ማሕበራት ንኽህልዋ ምእንቲ፣ ከምቲ ኣቦና ደግያት ባህታ ሓጎስ ዝማሃሩና፡ሓድነትን ሓቢርካ ምስራሕን፣ብዝያዳ ነቓዕ ዘይብሉ ጡርኑፍን ሰፊሕን፣ንኹሉ ዘሳትፍ ጽላል ንምብጻሕ.፣እተን ዘለዋ ውድባት ከቃራረባን፣ዀሪነት/ምትእስሳር ኣብ ነንሕድሕደን ክገብራ፣ነተን-ምስኣን ናይ ስራሕ ጽምዶ ዘየከናውና፣ባብ ናይ ሓቢርካ ምስርሕ ክፉት ምኻኑ ብኑጹር ሓበረታ ክህባን፣ ዕለት ብዕለት ጽዊዒትን፣ ፍልይቲ ሽማግለ-ምቅርራብ ክህልወን ይግባእ። ንምንታይስ ህዝብኻ ምጥርናፍ እቲ ዋና ዕላማ ስለ ዝኾነ። ሎሚ በዚ ድስቡጣዊ ስርዓተ ኢሳያስ ሃገርና ካብቲ ዝነበረቶ ዘይኑቡር ናብራ፣ ናብ ዝኸፍአ/ዝገደደ ጉዕዞ ገጹ ይወስዳ ስለ-ዘሎ። ጽባሕ ኣብ ክንወጽኦ ዘይንኽእሎ፣ ባይታ ከየውደቅት ኮላ ክንቃላጠፍ ግዜ ይጽውዕ ኣሎ፡ ህዝቢ የእዊ ስለ ዘሎ ድምጽን ሕቶን ህዝብና ንስማዕ። ነቲ ኣብ ሓዲሽ መዋእል ኢሉ ዝጽውዖ፣እከይ ውጥኑ፣ጠጠው ከነብሎ ናይ ምሉእ ህዝብና ቅልጽም-ሓድነት የዲሊ ኣሎ።

ብዝመጽእ ትውልዲ ተሓተቲ ካብ ምኻን ሎሚ ሓቢርና ምስ ኩሉ ህዝብና ኣብ ውሽጥን ዲያስፖራን ዞሎና፣ ንተንስእ ንባራብር ሓቢርና ሃገርና ነድሕን፤ ልእላውነትናን ሓድነትናን ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ኣሎ፤ዝብል ዓው ኢልና ንጸውዕ።

ከምቲ ኣቦታትና ዝመሓላልፍልና **ኒሕ፣ብፍላይ ዘግነትና ንምሕላው፣ ልእላውነት ሃገርን፣ሓድነት ህዝቢን ንምዕቃብ፣ ኣንጻር ኩሎም ገዛእቲ ቃልሲ፣ ሕጂ እዉን ከም ትማሊ ሓድነትና ኣጠንኪርና ድወ ኢልና ንምቅላስ ቁሩባት ንኹን ጥራይ ዘይኮነስ ታሪኻዊ ሓላፍነት እዉን ኣሎና።**

ሕሰብ ኣስተውዕል ተማራመር ተባራባር